**YOUTH AND MEDIA**

NATIONAL PLATFORM FOR THE PROMOTION OF MEDIA SKILLS



ንወለዲ ካብ መንእሰያት

# ምኽርታት ንኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት

www.youthandmedia.ch

## ጽቡቕ ንምፍላጥ

**ኤለክትሮናዊ ሚድያ ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ንቡር እዩ ኾይኑ - ብሕልፊ ንመንእሰያት።** ምስ ሞባይልን ኢንተርነትን ዓብዮም ከምኡ'ውን ኣማራጺታቶም ብልምዲ ይጥቐምሎም እዮም። ብዝኾነ ግን ንሚድያ ክጥቐምሉ ከለው ብወለዲ ከምኡ'ውን ብካልኦት ፈለጥቲ ሰባት ክስነዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ዝርርብ ብዛዕባ ምስ ኣጠቓቕማ ኢንተርነት ዝተኣሳሰሩ ትሕዝቶታት ዋላ ውን ርከሳታት ቀንዲ ኣገዳሲ ክኸውን ኣለዎ** – ዕላምኡ ከኣ እቶም መንእሰያት ብተሓታትነት ከምኡ'ውን ብርጉጽን ንኤለክትሮናዊ ሚድያታት ክሕዝዎም እዩ። ንሓበሬታ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንነፍሲወከፍ ኣደቦም ብሃናጺ ክነቕፉ ክኽእሉ ኣለዎም።

**ብምኽርታትና ብኣወንታን ሃናጽን ንጉዳይ ምጥቓም ሚድያ ክትቀርቡ፣** ምስቶም መንእሰያት ኣብ ርክብ ክትተርፉ፣ ተመኩሮኦምን ግምጋመኦምን ብዕቱብ ክትወስድዎም ከምኡ'ውን ምትሓዝ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ብጥንቁቕ ክትምድቡ ከነተባብዓኩም ንደሊ።



## ለበዋታት

**ቀስብቀስ ዝያዳ ርእሰ-ምምሕዳራዊ ንክኾኑ ኣፍቅዱ ኢኹም።**

ኣብ ምትሓዝ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ተሓታትነት ዘለዎም መንእሰያት፣ እቲ ዘድሊ መሰነይታ ኣብ ዓለም ሚድያ ቅሩብ ብቅሩብ ክንከ ይኽእል። ግና ቀጺልኩም ተገዲስኩም ንምዝርራብ ድሉዋት ኩኑ።

**ኣቓልቦኹም ኣብ ሚዛናዊ ኣመዳድባ መዘናግዒ ኣድሃቡ።**

መንእሰያት ዲጂታል/ኤለክትሮናዊ ሚድያ ጥራይ ክሕዙ ዘይኮኑ፣ ዋላ ካልኦት ናይ ዕረፍቲ ንጥፈታት ክገብሩ ኣስተውዕሉ ኢኹም፣ ንኣብነት ኣብ ደገ ምንቅስቓስ፣ ስፖርት ምግባር ወይ ምስ መዘናታቶም ምርኻብ። ስልክይና ብቐጥታ ብሚድያ ኮምፒተር ክድምሰስ የብሉን። ብዛዕባ ልዕለ መጠን ምጥቃም ተዘራረቡ ኢኹም። ምጥቃም ናይ ስክሪን ኮምፒተር ሚድያታት ቅድሚ ዓራት ምኻድ ንምውሳድ ድቃስ የኸብዶ እዩ።

**ካብ ኮምፑተር/ስክሪን ነጻ ዝኾኑሎም ግዜታት ብሓንሳብ ወስኑ ኢኹም።**

ንመንእሰያት ናይ ስክሪን ዝተደረቱ ግዜታት ካብ ናይ ሚድያ ዝተወሰኑ ግዜታት ዝያዳ ጥቕሚ ኣለዎ። ንጹራት ደረታት ስርዐ ከምኡ ድማ ከም ተኸተሉ ውን ኣስተውዕሉ ኢኹም። ካብ ዘይምኽታል ሕጋጋት ዝመጹ ሳዕቤናት ካብ ቀዳምነት ንጹርን ፍሉጥን ክኾኑ ኣለዎም።

**ናይ ኣረኣእያ ተራ ከምዘለኩም ኣስተውዕሉ።**

ወለድን ካልኦት ፈለጥቲ ሰባትን ንቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ምትሓዝ ሚድያታት ኣረኣእያታት እዮም። ስለዚ ናትኩም ልምድታት ሚድያ ተቈጻጸሩ ኢኹም።

**ጥንቃቐ ምስ ግላዊ ሓበሬታን ርክብ ኣብ ኢንተርነትን።**

ምኽፋል ነፍሲወከፍ ግላዊ ሓበሬታን ስእልታትን ናይ ውልቅኻ ወይ ናይ ካልኦት፣ ጸገማት ከስዕብ ከምዝኽእል ምስ መንእሰያት ተዘራረቡ።
ቀዳማይ ምርኽኻብ ምስ ኣብ ኢንተርነት ዘለው ርክባት ጥራይ ኣብ ህያውን ወግዓውን ቦታታት ክፍጸም ኣለዎ። ብዝተረፈ ሓደ ፈላጥ ሰብ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ዘሎ መራኽቢ ክሕበር ይግባእ።

### ሕጋዊ ኣተሓሕዛ ምስ ስእልታት ኣስተውዕሉ ኢኹም።

ኩሉ ሰብ መሰል ውልቀ ስእሉ ኣለዎ። ቅድሚ ምዝርጋሕ ወይ ምስዳድ ስእልታትን ቪድዮታትን ፍቓድ ካብ ዝተሰኣሉ ሰባት ክሕተት ኣለዎ።

### ብዛዕባ ስእልታት ዓመጽን ስእለ ጽዩፍን ተዘራረቡ ኢኹም።

ብርቱዕ ዓመጽን ቆልዑት ዘርእዩ ናይ ጽያፍ ስእልታትን ዘይሕጋውያን እዮም። ትሑት ዕድመ ዘለው መንእሰያት ዝገብሩ ወሰባዊ ስእልታት ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት እንተዝኻፈሉ (Sexting)፣ ዘይሕጋውያን ናይ ጽያፍ ትሕዝቶታት እዮም። ትሕቲ ዕድመ 16 ዘለው ቆልዑት ስእለ ጽዩፍ ምርኣይ እንተላይ ክቕጻዕ ይኽእል።

### ሕጋጋት ብዛዕባ ኣኽብሮታዊ ኣተሓሕዛ ዋላ ኦኖላይን ብቕዓት ኣለዎም።

ኣብ ምስዳድ ርእይቶታትን መልእኽትታትን ኣኽብሮት ክህሉ ከምዘለዎ ንመንእሰያት ምኸርዎም። ገለ ሰብ ኣብ ኢንተርነት ከም ተጠቕዐ እንድሕር ዝስምዖ ኮይኑ፣ ብዕቱ ክውሰድ ኣለዎ። ኣብ ሳይበርሞቢንግ (ሞቢንግ/ ምልጋጽ)፣ ጽልኣታዊ ዘረባ ከምኡ'ውን ምፍልላይ ብተወሳኺ ካብ ኪኢላታት ሓገዝ ምምጻእ ኣድላይ ክኸውን ይኽእል።

### ነቐፌታዊ ምሕሳብ ድገፉ ኢኹም።

ምስ ቆልዓኹም ብዛዕባ ኣርእስቲ ተምያን መልእኽትታት («Fake News») ከምኡ'ውን ከመይ ከተረጋግጾም ከምትኽእል ተዘራረቡ። ብኣብነት መንበሪ ፍርያት/ፕሮዳክት ወይ ኣብ ጸወታ ዘለው ቀረባት፡ ረክላም ከመይ ከምዝሰርሕ ተዛተዩ ኢኹም።

### ነቲ ደረት ዕድመ ውን ኣኽብሩ ኢኹም።

ነቲ ደረት ዕድመ ኣብ ፊልምታት (FSK ወዘተ) ከምኡ'ውን ኣብ ጸወታታት (PEGI፣ USK ወዘተ) ኣኽብሩ ኢኹም።

### ኣወንታውን ሃናጽን ምትሓዝ ሚድያ ኣተባብዑ ኢኹም።

ሃናጺ ኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ስእልታትን ቪድዮታትን ሙዚቃን ድገፉ ኢኹም። ኣድናቒ ተመኩሮ ፍጻሜታት ክገብሩ ዝኽእሉ ጽቡቓት ጸወታታትን ቪድዮታትን ኣለው። እቲ ኢንተርነት ብዝተረፈ ዕብይ ዝበለ ምርጫ መምሃሪ ትሕዝቶን ኣስተምህሮታትን የቐርብ።

## ተወሰኸቲ ሓበሬታታት

መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ እዩ። **ቆልዑትን መንእሰያትን ንዲጂታላዊ ሚድያታት ብርጉጽን ተሓታትነትን ክሕዝዎም ንደሊ ኢና።** ስለዚ ሓበሬታን ምኽርን ለበዋን ንወለድን ፈለጥትን ጥራይ ነቐርብ ዘይኮንና እንተላይ ንመምሃራንን ኪኢላታትን፥
www.youthandmedia.ch

እዚ በራሪ ጽሑፍ ንወለድን ኣለይትን ፈለጥትን ናይ ኣብ መንጎ 12ን 18ን ዕድመ ዘለው መንእሰያት ይምልከት እዩ። **ክልተ ተወሰኸቲ በራሪ ጽሑፍ ኣለው፣** ሓደ ምስ ለበዋታት ንጉጅለ ዕድመ ክሳብ 7 ዓመት (ዕድመ ቅድመ ትምህርቲ) ከምኡ'ውን ሓደ ንወለድን ፈለጥትን ናይ ቆልዑት ኣብ ዕድመ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ (6 ክሳብ 13)። **ኩሎም በራሪ ጽሑፋት ኣብ 16 ቋንቋታት ይርከቡ እዮም።** ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብነጻ ክትጠልብዎም ወይ ክትስሕብዎም ትኽእሉ።

ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብዝተረፈ ንኩሎም ለበዋታት ቀጸልቲ ሓበሬታታትን ሊንክታትን መግለጺታትን ክትረኽቡ ኢኹም፥
**www.youthandmedia.ch/recommendations**

**ብዝስዕብ ተሓቲሙ**
መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን
ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ
ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሽያል ኢንሹራንስ
ከምኡ'ውን
ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት
ጨንፈር ዝተዘውተረ ስነ-ኣእምሮ
ኪኢላ ጉጅለ ስነ-ኣእምሮ ሚድያ
መራሕነት፥ Prof. Dr. Daniel Süss፣ MSc Gregor Waller

ስእልታት፡- Pia Neuenschwander፣ photopia.ch

ጠለብ (ነጻ)፥
BBL፣ Verkauf Bundespublikationen *(ምሸጣት ፌደራላዊ ሕታማት)*፣ CH-3003 Bern
www.bundespublikationen.admin.ch
መጥለቢ ቁጽሪ፥ 06.20 2000 318.863.tig
Tigrinya

©2020 መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን፣ ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ፣ ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሽያል ኢንሹራንስ / ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት

Zurich University
of Applied Sciences

zh aw School of Applied Psychology

Psychological Institute

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

Federal Department of Home Affairs FDHA
**Federal Social Insurance Office FSIO**